
# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

## ኢየሱስን ኣልኣዛርን



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Janie Forest, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጓሚ፡- ተስፋኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ


ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ማርያምን ማርታን ተጨኒቀን ነበራ፡ ኣልኣዛር ሓወን ኣዝዩ ሓሚሙ ነበረ፡ እተን ኣሓት ኣልኣዛር ቀልጢፉ ክመውት ከም ዝኽእል ይፈልጣ ነበራ፡ ናብ ኢየሱስ ድማ መልእክቲ ሰደዳሉ፡  ኢየሱስ ነዛ ኣብ ብታንያ እትቕመጥ ንእሽቶ ስድራ ቤት የፍቅራ ነበረ፡፡



ኢየሱስ ብዛዕባ ኣልኣዛር ምስ ሰምዐ ንደቀ መዛሙርቱ "እዚ ሕማም እዚ ንሞት ኣይኮነን በሎም፡ ኢየሱስ ብዙሕ ኪሎ ሜትር ርሒቑ እኳ እንተ ነበረ ንኣልኣዛር እንታይ ከም ዜጋጥሞ ብልክዕ ይፈልጥ ነይሩ እዩ።



ኢየሱስ ናብ ቢታንያ ቅድሚ ምኻዱ ኣብቲ ቦታ ኽልተ መዓልቲ ጸንሐ፣ ድሕሪኡ ንደቀ መዛሙርቱ ዘደንጽዎም ነገር ተዛረበ ። "ኣልኣዛር ሞይቱ ኢዩ፣ ምእንቲ ኽትኣምኑ ኢለ ኣብኡ ብዘይምህላወይ ይሕጎስ ኣለኹ፣ እዚ ቃል እንታይ ማለት ኢዩ ፡ ኢየሱስ እንታይ ኪገብር እዩ ሓሲቡ ዘሎ።



ኢየሱስ ኣብ
ቢታንያ ምስ በጽሐ
ኣልኣዛር ካብ ዚመውት
ኣርባዕተ መዓልቲ
ኣሕሊፉ ነበረ፡



ሬሳኡ ድማ ብ
ጨርቂ ተገኒዙ
ኣብ መቓብር
ዓሪፉ ነበረ።


ማርታ ምስ ኢየሱስ ክትራኸብ ኢላ ናብ ደገ ወጽአት፡ ኢየሱስ ድማ "ሓውኪ መሊሱ ኺትንስእ እዩ" በለ። ማርታ ድማ "ኣብታ ዳሕራይ መዓልቲ ከም ዝትንስእ እፈልጥ እየ " ኢላ መለሰት፡ ንኣልኣዛር እንደገና ክትርእዮ ክሳዕ ፍጻሜ ኽትጽበ ዘለዋ ሓሰበት። ኢየሱስ ግን ካብዚ እተፈልየ ሓሳባት እዩ ነይርዎ።





ኢየሱስ ንማርታ "ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ" በላ። "እቲ ብኣይ ዚኣምን ዋላ እኳ እንተ ሞተ ብህይወት ኪነብር እዩ፡ በላ፡ ማርታ ንኢየሱስ ትኣምኖ ነበረ፡ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ውን ትፈልጥ ነበረት፡ ንኣልኣዛር ግን ብኸመይ ኪሕግዞ ይኽእል ዝበል ሓሳብ ነበራ።

ኣልኣዛር ስለ ዝሞተ ኵሉ ሰብ ሓዚኑ ነበረ፡ ማርያም ሓፍቱ ውን ትበኪ ነበረት፡ ኩሎም እቶም ኬጸናንዕዋ ዝመጹ ፈተውታ እውን ከምኡ ይበኽዩ ነበሩ፡ ኢየሱስ እውን ምስኦም በኸየ ።



ኢየሱስ ምስቶም ህዝቢ ናብቲ
መቓብር ከደ፣ ኣብ ስግር እቲ
ኣፍ ደገ ድማ ዓብዩ እምኒ
ተነቢሩ ነበረ።



ኢየሱስ ነቲ እምኒ ከልዕልዎ
ኣዘዘ፡ ማርታ ኸኣ "ጐይታይ"
ኣርባዕተ መዓልቱ ስለ ዝገበረ
ጨንዩ  ኢዩ ኢላ መለሰትሉ።





ብትእዛዝ ኢየሱስ ድማ እቶም
ሰባት ነቲ እምኒ ኣልዓልዎ፡
ድሕሪኡ ኢየሱስ ሰባት ኣምላኽ
ከም ዝሰኣኾ ክፈልጡ፡ ኣዝዩ
ዓብዩ ተኣምር ክገብር
ናብ ኣቦ ጸለየ።



ኢየሱስ ድማ "ኣልኣዛር
ውጻእ" ኢሉ ጨደረ፡ ፡
ኢየሱስ ንሓደ ምዉት
ህያው ኪገብሮ ይኽእልዶ
ብዝብል ድማ እቶም
ህዝቢ ተገሪሞም ናብቲ
በዓቲ ይጥምቱ ነይሮም
ክኾኑ ኣለዎም።



እወ!
ኣልኣዛር ካብቲ
በዓቲ ምስቲ
ዝተገንዘሉ
ጨርቂ ህያው
ኮይኑ ወጸ።



ኢየሱስ ድማ "ፈትሕዎ" እሞ ይኺድ በሎም። ከመይ
ዝበለ ሓጐስ ኰን እዩ ነይሩ! ንብዓት ናብ ሰሓቕ
ዝተቐየረ፡ ኢየሱስ ንቃሉ ኣሙን ነበረ፡ ኣልኣዛር
እንደገና ህያው ኮነ፡ ወዲ ኣምላኽ ጥራይ
እዩ ንሓደ ዝሞተ ሰብ ህይወት ክገብር
ዚኽእል።

እዚ ተኣምር ዝረኣዩ ብዙሓት ሰባት ብኢየሱስ ኣመኑ፡ ገሊኣቶም ግን ንጸላእቱ ማለት ንመራሕቲ ቤተ መቕደስ ነገርዎም፡ ብቕንኢ ተላዒሎም ድማ ንኢየሱስ ኪቐትልዎ ውዲት ኣለሙ። የሱስ ነዚ ምስ ፈለጠ ንዝተወሰነ ግዜ ካብቲ ቦታ ተኣልየ።



# ኢየሱስን ኣልኣዛርን

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዮሃንስ 11

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

# መፈጸምታ

52

60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16